# መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ሥርዓት ግዕዝ ለንደን



HOLY REDEEMER ERITREAN CATHOLIC

GHEEZ-RITE CHAPLAINCY

ST. AIDAN OF LINDISFARNE RC CHURCH

85 Old Oak Common Lane

London, W3 7DD

www.catholicgheez.org

**ሕዳር** 2013

# ቃል ቀመስ

## እንተ ብሕይወት እንተ ብሞት ናይ ጐይታ ኢና

ኣብ መላእ ዓለም ተዘርጊሓ እትርከብ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ኣብ ወርኂ ኅዳር (November) ምእንቲ እቶም ቅድሜና ዝኃለፉ ኵሎም ነፍሳተ-ኄራን ብቀጻሊ ጸሎት ትገብረሎም። ኣብ ወርኂ ኅዳር ምእንቲ ምዉታን ዚግበር ጸሎት፥ ብዛዕባ እንፈልጦም ቤተ ሰብናን ፈተውትናን ገበርቲ ድሙዕናን ጥራይ ዘተኰረ ዘይኰነስ፥ ምእንቲ ንፈልጦምን ዘይንፈልጦምን ኵሎም ምዉታን ዚግበር ተግባረ እምነት እዩ።

ግናስ፥ ስለ ምንታይ እያ ቤተ ክርስቲያን ምእንቲ ምዉታን እትጽሊን ምእንትኦም'ውን መሥዋዕተ ቅዳሴ እተዕርግን፧ እቲ ዚግበር ጸሎትን ምእንትኦም ዚዓርግ መሥዋዕትንከ ብርግጽዶ ነቶም ምዉታን ይሕግዞም እዩ፧ እዚ ልማድን እምነትንከ ካበይ ዝመጸ እዩ፧ ኣብ ናይ'ዛ ወርሒ'ዚኣ መጽሔትና ነዘን ሕቶታት እዚኣተን ብሓጺሩ መልሲ ክንህብ ክንፍትን ኢና።

ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ ናይ ሮሜ መልእኽቱ "ብሕይወት እንተ ነበርና፥ ንጐይታ ኢና እንነብር። እንተ ሞትናውን ንጐይታ ኢና እንመውት። ስለዚ ብሕይወት እንተ ነበርና ወይ እንተ ሞትና ናይ ጐይታ ኢና" (ሮሜ 8፡8) ይብል። ከም ሕዝቢ ኣምላኽ፥ ኣብ ዘለና ኣሊና ብጸሎት ናይ ምትሕግጋዝ ግድነትን ተኽእሎን ከም ዘሎና ርዱእ እዩ። ከምቲ ብሕይወት ከሎና ብጸሎት እንተሓጋገዝ፥ ምእንቲ ምዉታንና ጸሎት ምግባርውን ግዴታና እዩ። ኣብ ካልኣይ መጽሓፍ መቃብያን ነዚ ሓሳብን እምነትን ዚድግፍ ብሉጽ ታሪኽ ተሰኒዱልና ኣሎ። (2 መቃብያን 12፡38 – 45 ኣንብብ) ኣብ ዘመን መቃብያን፥ ንሕዝቢ እስራኤል ኣብ ውግኣቶም ዚመርሖም ዝነበረ ይሁዳ፥ ነቶም ብሰንኪ ኃጢኣቶም ኣብ ውግእ ሞይቶም ዝተረኽቡ ኣባላት ሠራዊቱ ድሕሪ ምቕባሩ ምእንትኦም ኣብ ኢየሩሳሌም መሥዋዕቲ ከም ዚዓርግ ገበረ። በዚ ተግባሩ'ዚ ድማ ካብ ኣምላኽ ናእዳ ረኸበ። ***"ንሱ (ይሁዳ) ምዉታን ከም ዚትንሥኡ እንተ ዘይኣምን ነይሩ፥ ምእንቲ ምዉታን ምጽላይ ከንቱን ዕሽነትን ምኾነ ነይሩ። ይሁዳ ግና ነቶም ብእምነት ዝሞቱ ዜደንቕ ዓስቢ ተነቢሩሎም ከም ዘሎ ስለ ዝተገንዘበ፥ ነቲ ቅዱስን መንፈሳውን ተግባር ፈጸሞ። ምእንትዚ እቶም ዝሞቱ ኻብ ኃጢኣቶም ሓራ ምእንቲ ኪኾኑ ኅድገት ኃጢኣት ዚረኽቡሉ መሥዋዕቲ ኣዕረገ።"*** (2መቃ 12፡44-45) ይሁዳ ካብቶም ምስኡ ዝነበሩ እስራኤላውያን ገንዘብ ኣኪቡ መሥዋዕቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ምእንቲ ምዉታን ደቅ ዓዱ

ይሁዳ መቃቢስ ንምንታይ እዚ ተግባራት'ዚ ፈጸመ እንተ ተባህለ፥ መልሱ ብትንሣኤ ምዉታን ይኣምን ስለ ዝነበረ እዩ ዚብል ይኸውን። ቤተ ክርስቲያንውን ምእንቲ ምዉታን እትገብሮ ጸሎትን ምእንትኦም እተዕርጎ መሥዋዕትን ስለ ምንታይ ትሠውዖን እንተ ኢልና፥ መልሱ፥ ብትንሣኤ ምዉታን ስለ እትኣምን እያ። ከምቲ ይሁዳ ምእንቲ እቶም ዝሞቱ ኻብ ኃጢኣቶም ሓራ ምእንቲ ኪኾኑ ኅድገት ኃጢኣት ዚረኽቡሉ መሥዋዕቲ ዘዕረገ፥ ቤተ ክርስቲያን እውን በቲ እተዕርጎ መሥዋዕቲ እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱ ደቃ ካብ ኣምላኽ ሥርየት ኃጢኣት ኪረኽቡ ትልምነሎም። እቲ ዝዓበየ መሥዋዕቲ ድማ እቲ ብዘይ ደም ምፍሳስ ንመሥዋዕቲ ቀራንዮ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ዚደግሞ መሥዋዕተ ቅዳሴ እዩ። ስለዚ እቲ ክቡር ዝኾነ እምነትን ልማድን፥ ማለት ምእንቲ ምዉታንና ምጽላይ፥ እንተ ወሓደ ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ክልተ ዘመን ይዝውተር ከም ዝነበረ ኣብ'ቲ ዘመን'ቲ ዝተጻሕፈ መጽሓፈ መቃብያን ኪምስክረልና ይኽእል።

ካብ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቃላት'ውን ነዚ ዚድግፍ ሓሳብ ንረክብ ኢና። ጐይታ ብዛዕባ ንመንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ ዜስዕቦ ጠንቂ እንኪምህር፡- "ኣብ ልዕሊ ወዲ ሰብ ገለ ቓል ዝተዛረበ ኪኅደገሉ እዩ፥ ***ኣብ ልዕሊ መንፈስ ቅዱስ ገለ ዘረባ ዝበለ ግና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኾነ ኣብታ እትመጽእ ኣይኪኅደገሉን እዩ***" (ማቴ 12፡32) ይብል። ንመንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ ወላ ኣብ መጻኢ ዓለም ዘይኅደግ ኃጢኣት ካብ ኮነ፥ ገለ ገለ ኃጢኣት ግና ኣብ መጻኢ ዓለም ኪኅደግ ይከኣል እዩ ዚብል የስምዕ። በዚ መሠረት'ውን ስለ እቶም ኣብ ንስሓ ቦታ ዚርከቡ ነፍሳት ቤተ ክርስቲያን ብእምነት ጸሎት ትገብር። መሓሪ ኣምላኽና ነቲ ብእምነት ዚግበር ጸሎት ቤተ ክርስቲያን ሰሚዑ፥ ነቶም ኣብ ንስሓ ቦታ ኾይኖም ኣብ ምንጻሕ ዚርከቡ ነፍሳት ብምሕረቱን ብለውሃቱን ኣንጺሑን ምሒሩን ናብ ዘለዓለማዊ ክብሩ የሰጋግሮም።

ናብ ሕቶና እንተ ተመለስና፥ ኣብ ላዕሊ ዘቕረብናየን ሕቶታት ብሓጺሩ መልሰን፡- እወ እቲ ምእንቲ ምዉታን ዚግበር ጸሎት ንምዉታን ይሕግዞም እዩ። እዚ ልምዲ'ዚ ኸኣ ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝመንጨወ ቅዱስ ልምዲ እዩ። ብሉይን ሓዲስን ኪዳናት ድማ ነዚ መሰኻኽር እዮም።

***ሃቦሙ እግዚኦ ዕረፍተ ዘለዓለም፤ ወኣብርሃሎሙ ብርሃነ ዘለዓለም፤ ወይኩን ዕረፍቶሙ በሰላም። ኣሜን።***

# ጸሎት

## መንፈስ ቅዱስን ማርያምን

ናብ ዕሙቕ ዝበለ ሓሳብ'ዚ ቅድሚ ምእታውና፣ ኤራሰሙስ ዝተባህለ ዓርኪ-ቅዱስ ቶማስ ሞር ብዝደረሶ ጸሎት ክንጅምር፣ ነዚ ጸሎት ዝደረሶ፣ ኣብ ዋልሲንግሃም ናብ ዝርከብ፣ ናይ ድንግል ማርያም ቅዱስ ስፍራ ክበጽሕ ምስከደ እዩ።

*"ኦ ዝተፈተኺ ድንግል፣ ወድኺ ክህበና ንደልዮ እንተሎ፣ ብቐድስና ምእንቲ ክንመስሎን ብመንፈስቅዱስ ኣብ መዓሙቕ ነፍስና ምእንቲ ክጥነስን ምስተጠንሰ'ውን ፈጺምና ንኸይነጥፍኦ እዩ"።*

## ርክብ መንፈስቅዱስን ማርያምን

ኣብ መንጎ መንፈስቅዱስን ማርያምን ዘሎ ርክብ፣ እቲ ብቐዳምነት ክንርእዮ ዘሎና መሠረታዊ ጉዳይ ኮይኑ፣ ብዝበለጸ ኣብ ምሥጢረ-ሥጋዌ ዘተኮረ እዩ።

## መንፈስቅዱስ ኣብ ልዕሌኺ ኪወርድ እዩ።

ቅዱስመጽሓፍ ከምዝገልጾ፣ ሙሴ ናብ እምባ-ኮሬብ= (እምባ-ኣምላኽ) ክኸይድ እንከሎ፣ መልኣኽ-እግዚኣብሔር፣ ኣብ መንጎ እትነድድ ቈጥቋጥ ተራእዮ። እታ ቈጥቋጥ ዘይትውዳእ ምስራኣያ፣ ናብኣ ቀሪቡ ኣጸቢቑ ክርእያን ክምርምራን ደለየ፣ እንተኾነ ግና እግዚኣብሔር-ኣምላኽ ካብ ማእከል እቲ ሃልሃልታ ሓዊ፣ ከም'ዚ ዚስዕብ ትእዛዝ ሃቦ፣ *"ናብ'ዚ ኣይትቕረብ፣ እዛ ደው ኢልካላ ዘለኻ ቦታ፣ ቅድስቲ-ምድሪ ኢያ'ሞ ኣሳእንካ ካብ ኣእጋርካ ኣውጽእ በሎ" (ዘጸ.3፣5)*።ቅዱስ ትውፊት ንማርያም በዛ ቈጥቋጥ እዩ ዝምስላ። ብሓዊ ትነድድ እንተኾነ ግና ዘይትውዳእ፣ ድንግል ማርያም'ውን ነቲ ክጽወር ዘይከኣል-ሓዊ መንፈስቅዱስ ኢያ ጻይራ። ንሳ ከም ሕያው መንበረ-ቅዱስሥፍራ ወይ ቤተመቕደስ ኢያ ኮይና። ነዚ ኣብ መንጎ መንፈስቅዱስን ማርያምን ዘሎ ምሥጢር፣ ክፈትሓልና ዚኽእል፣ ቃል ቅዱስመጽሓፍ ወንጌል ሉቃስ እዩ። *"መንፈስቅዱስ ኣብ ልዕሌኺ ክወርድ እዩ፣ ኃይሊ ልዑል'ውን ኬጸልለልኪ እዩ" (ሉቃ.1፣35)*።

ድንግል ማርያም፣ ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን፣ መራኸቢትን ድልድልን ብምዃን፣ ነቲ ቃል-ሥጋ ኣልቢሳቶ። መንፈስቅዱስ ፍቕሪ-ኣምላኽ፣ ፍቕሪ ኣቦን ወድን ኮይኑ ድማ ናባና መጸ። ማርያም ከኣ ኣብ ፍጥረት፣ ከም ሓንቲ ንጽሕቲ ሰብኣዊት ፍቕሪ እያ። ስለ'ዚ ኢየሱስ ውጽኢት መለኮታውን ሰብኣውን ፍቕሪ እዩ።

ኣብ ብሉይኪዳን፣ ኩሎም ኣመንቲ ንመንፈስቅዱስ ከም መንፈስኣምላኽ እዮም ዝቕበልዎ። ንገዛእ ርእሱ'ውን ጐይታ እዩ። እዚ መንፈስ'ዚ እዩ ንኢሳይያስ ብዛዕባ ኣማኑኤል ከምዝንበ ዝገበሮ። ብኻልእ መንገዲ ብኣምሳል ደበና ዝቐረበ ህላዌ-እግዚኣብሔር ኣምሳል እዚ'ይ መንፈስ እዩ። ኣብ ኦሪት ዘጽኣት ከም'ዚ ዚስዕብ ነንብብ፣ *"ነቲ እግዚኣብሔር ዚርከበሉ ድንኳን ደመና ኣጐልበቦ፥ ነቲ ድንኳን ከኣ ኽብሪ እግዚኣብሔር መልኦ። እቲ ደመና ኣብ ልዕሊኡ ስለዝዓረፈ፥ እቲ ኽብሪ እግዚኣብሔር ድማ ነቲ ድንኳን መሊእዎ ስለዝነበረ፥" (ዘጸ.40፣34-35)*። ቤተመቕደስ ኢዮሩሳሌም ተደጊሙ ይረኤ፣ *"እቶም ካህናት ድማ ነቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሔር ናብቲ ስፍራኡ፥ ናብ'ቲ ቅድስተቅዱሳን፥ ናብ ትሕቲ ኣኽናፍ ኪሩቤል ኣእተውዎ።... እቶም ካህናት ካብ መቕደስ ምስ ወፁ፥ ነቲ ቤት እግዚኣብሔር ደመና መልኦ። ነቲ ቤትመቕደስ ክብሪ እግዚኣብሔር መሊእዎ ስለዝነበረ፥.. (1ነገ. 8፣6፤ 10-11)*። ክብሪ እግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ከም'ቲ ኣብ ድንኳን ዝተረኽበ፣ ኣብ ድንግልማርያም'ውን ክዓርፍ ተረኺቡ እዩ። በዚ'ይ ከኣ ንሳ ቅድስተቅዱሳን ብምዃን ህላዌ ኣምላኽ ኣብኣ ተረጋገጸ። ከም'ቲ ኣብ ብሉይኪዳን፣ ናብ'ዛ ቤተመቕደስ ኪኣቱ ዚኽእል እቲ ሓደ-ሊቀ-ካህናት ዚነበረ፣ እዚ ናብ'ዛ በይኑ ሊቀካህናት ዚኾነ ክርስቶስ ወልደእግዚኣብሔር እዩ።

# መደብ ቤተ ክርስትያን

ክቡራን ምእመናን እዚ ኣብ ታሕቲ ተሰሩዑ ዘሎ መደባት መድኃኔ ዓለም ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝጠዓመኩም መዓልትን ሰዓታትን ክትሳተፉ ብትሕትና ንሓትት። ቦታ (East Acton St.Aidan of Lindisfarne )

1. ካብ 6፡30 ድ፡ቀ- 9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሰሉስ ብመቑጸርያ ዝጀመረ ናይ መጽናዕቲ ትምህርቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያን ስርዓተ ኑዛዜ ይወሃብ።
2. ካብ6፡30 ድ፡ቀ– 9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ሓሙስ ብመቑጸርያ ዝጀመረ ጸሎትን ትምህርትን መደብ ስርዓተ ኑዛዜ ኣሎና። ከምኡ`ውን መጀመርያ ወርሒ ናይ ሓሙስ ሰርዓተ ቅዳሴ ኣሎና።
3. ካብ 6፡30 ድ፡ቀ-9፡15 ድ፡ቀ ኩሉ ግዜ ቀዳም ማኃበር መዛምራን መድኃኔ ዓለም መዝሙር ልምምድን መጽናዕቲ ቅዱስ መጽሓፍን (Our Lady of Fatima church white city.)
4. ካብ ሰዓት 1.00 ድ፡ቀ ዝጅምር ኩሉ ጊዜ ሰንበት ስርዓተ ቅዳሴ ክምዘሎ ነዘኻኽረኩም።

# ሓበሬታ

ክቡራን ምእመናን ዝኾነ ጉዳይ ሃሊኩም ንኣባቴ ክትረኽቡሉ እትኽእሉ መዓልታትን ሰዓታትን በዚ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ :

ሰኑይ ክሳብ ረቡዕ 10:30 ቅ፣ቀ– 18፡00 ድ።ቅ

ዓርቢ 10፡30 ቅ፡ቀ– 18፡00 ድ፣ቀ

ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም :-02087438315

ከምኡ`ውን ጻዊዕትኩም ክምልስሉ ኣብ ዘይክእልሉ እዋን መልእኽትኹምን ምሉእ ስምኩምን ክትገድፉ ብትሕትና ንሓትት። ሰንበት ድሕሪ ስርዓተ ቅዳሴ ድማ ነዘን ኣስማተን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ኣሓትና ብምርካብ ጉዳይናን መልእኽትናን ከነሳልጥን ብዝያዳ ድማ ምሉእ ሓበሬታ ካብአን ክንረክብ ንኽእል።

**ሄለን በረኸት ፡ ዮዲት ብርሃነ**

ክቡራን ምእመናን ዝኾነ ኣባል መድኃኔ ዓለም ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢና እንፈልጦም ሕሙማት ክብጽሑ ዘለዎም፡ ወይ`ውን ክሽምገሉ ዘለዎም፡ ብሓፈሻ ብኣገዳሲ ጉዳይ ክብጹሑ ኣለዎም እንብሎም ምስ ዝህልዉ በዚ መሰረት ንሽማግለ ቤተ ክርትስያን መድኃኔ ዓለም ክትሕብሩና ብምሕረት ኣምላኽ ንሓተኹም።

ዝኾነ ርእይቶ ወይ መንፈሳዊ ጽሑፍ ንሊፍለትና ዝምልከት እንተኣለኩም

eliasmg81@yahoo.com

ዓመተ እምነት